ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራሲያዊ ለውጢ

الوحدة الإرتريه للتغير الديموقراطي

ERITREAN UNITY FOR DEMOCRATIC CHANGE

**<u>ደምዳሚ መግለጺ ሓሙሻይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ ኤስደለ</u>**

ኣብ ትሕቲ ባርነት ህግደፍ ትሳቐ ዘለኻን ኣብ ወጻኢ ብሻቕሎት ሃገርካን ህዝብኻን እትሳቐ ዘለኻን ህዝቢ ኤርትራ

ዝኸበርኩም ናይ ፖለቲካውን ሲቪካውን ተቓለስቲ ኤርትራ።

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን

ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፡ ኢትዮጵያ ከኣ ብፍላይ ብኹናት ኣብ እትሕመሰሉ ዘላ እዋን፥ ፋሺሽታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህወሓት ብዝጸንሖ ጽልእን ቅርሕንት ኣብ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ኢድ ኣእትዩ ኣሻሓት ኤርትራውያን ዜጋታትና ኣደዳ ሞትን ሞቕሰልትን ኣብ ዝኾኑሉ ዘለዉ እዋን፥ ደንበ ተቓውሞ ከኣ ኣብዚ ዝኸይድ ዘሎ ኩናት ብመርገጽ ተፈላለዩ ኣብ ዘሎ እዋን እዩ ማእከላይ ሽማግለና ሓሙሻይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣብ ዕለት 16-18 ጥቅምቲ 2021 ኣካይዱ ካብ ራባዓይ ክሳብ ሓሙሻይ ስሩዕ ኣኼብኡ ዝነበረ ንጥፈታቱ ገምጊሙ መጻኢ መደባቱ ሰሪዑ ኣገደስቲ ውሳኔታት ሒዙ ወጺኡ ዘሎ።

1- ውድብና ኤስደለ ምስ ዝበዝሑ ውድባት ኤርትራ ብተናጽል ይኹን ብጽምዶ ክሰርሖ ዝጸንሐ ሓባራዊ ናይ ቃልሲ ዝምድና ኣበርቲዑ ክቕጽሎ ምዃኑን፡ ምስቶም ሓባራዊ ኣረኣእያ ዘለዎ ውድባት ሕጂውን ከም ወትሩ በብደረጅኡ ክስራዕ ዝኽእል ናይ ቀረባን ናይ ርሑቕን ዝምድናታትን ጥርናፈታትን ብምፍጣር ክነጥፍ ምዃኑ ወሲኑሉ።
2- ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ክንድቲ ህዝቢ ዝተጸበዮ ኮይኑ ኣይተረኽበን ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ውሽጡ ኣዝዩ ዘይቀራረብ መድረኻዊ ይኹን ስትራተጂካዊ ኣረኣእያታት ይምዕብል ስለ ዘሎ ኣብ ኣመራርሓ ይኹን ኣብ ኣረኣእያ ቀልጢፉ እንተዘይተመዓራርዩ ናይ 10 ዓመት ዕድመ ዘቑጸረ ትካል ኣንጸላልይዎ ዘሎ ሓደጋ ቀሊል ከምዘይኮነ ተገንዚቡ ኣብ ምሕዋዩ ዝግበር ጻዕርታት ኣበርቲዑ ክቃለስ ምዃኑ ወሲኑ።
3- እዚ ኣብ ኢትዮጵያ/ትግራይ ዝኸይድ ዘሎ ኩናት ኣይምልከተናን ዝብል መርገጽ ብዝሓዙ ፖለቲካዊ ውድባት ኣዚና ከም እንሓዝን እናገለጽና፡ ብወገንና ግን ኣዚዩ ከምዝምልከተና ኣስሚርናሉ ክንሓልፍ ንደሊ። ከመይሲ ብሰንኪ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ግጭት ኢትዮጵያ ኣትዮም ኣደዳ ሞትን ሞቕሰልትን ዝኾኑ ዘለዉ ዝዓበዩ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ዝነኣሱ ከኣ ደቅናን እዮም። እቲ ኣብ ትግራይ ኣትዮም ዝፍጽምዎ ዘለዉ ኣሰቃቒ ገበናት (ካብ ኣፍ እቶም ዝተማረኹን ኢዶም ዝሃቡን ኤርትራውያን ከም ዝሰማዕናዮ) ውዒሉ ሓዲሩ ንሕና ከም ህዝቢ ብኸመይ ከም እንኽፍሎ ዘተሓሳስበና ዕዳ ምዃኑ ስለ ዝርደኣና እዩ። ስለዚ ኣይምልከተናን ኢልካ ገለልተኛ ምምሳል፡ ገለልተኛ ዘይኮነስ ነቲ ዝፍጸም ዘሎ ገበን ርኢኻ ከምዘይረኣኻ ክቕጽል ምግባር ዝድግፍ መርገጽ ምዃን ኢና ንግንዘብ። ኤስደለ ይትረፍዶ ብቐረባ ዝዛመደና ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝኾነ ኩርናዕ ናይ ዓለም ዝርከብ ህዝቢ ክውጻዕ ከሎ እውን ዓገብ ምባልና መሰረታዊ ናይ ሰብኣዊ መሰል ቃልስና ምዃኑ ንርዳእ።
4- ስርዓት ህግደፍ ክሳብ ዝሃለወ ኣብ ውሽጢ ሃገርና ይኹን ኣብ ከባቢና ሰላም ዝበሃል ክህሉ ስለ ዘይክእል ንህግደፍ ንምእላይ ምስ ኩሎም ጸረ-ህግደፍ ዝኾኑ ኣካላት ብምትሕብባር ኩሉ ኣማራጺታት ብምጥቃም

ዕድመ ህግደፍ ንምሕጻር ኣብ ዝግበር ቃልሲ ኣበርቲዕና ክንቃለስ ምዃንና ማእከላይ ሽማግለ ደጊሙ ኣረጋጊጹ።

**<u>ምስ ከባቢና ብፍላይ ከኣ ኣብ ኩነታት ኢትዮጵያ ዘለና ኣረኣእያ።</u>**

1- ከም ኤስደለ ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ ሰላምን ተሓጋጊዝካን ተማላሊእካን ናይ ምንባር ዕላማ ወትሩ ዘይዕጸፍ ኣረኣእያና ምዃኑን ነዚ ንምዕዋት ድማ ዓቕምና ዘፍቅዶ ኩሉ ክንገብር ምዃንናን ማእከላይ ሽማግለና ደጊሙ ኣረጋጊጹ።
2- ኣብ ኢትዮጵያ ተወሊዑ ዘሎ ኲናት ብዘተን ምክእኣልን ክፍታሕ ዝነበሮ ምዃኑን፣ ንከንቱ ዝበርስ ዘሎ ሰብኣውን ንዋታውን ዓቕምታት ከኣ ብጣዕሚ ዘሕዝነና ምዃኑን እናኣፍለጥና፥ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈነወ ህዝቢ ናይ ምጽናት ወፍሪ ከም እንኹንን ክንገልጽ ምጽናሕና ፍሉጥ እዩ። ሕጂውን ኣብዚ ኣዕናዊ መስርሕ ዝተዋፈሩ ሓይልታት ኣብ ሕጊ ንክቐርቡ ዝግበር ወፍሪ ከም እንድግፍ ዓቕምና ብዘፍቅዶ ከኣ ከምእንሕግዝን ነፍልጥ።
3- እዚ ብዘይካ ብርሰት ካልእ ዝኾነ ረብሓ ዘይብሉ ኲናት ውዒሉ ሓዲሩ ብዓወት ናይ ሓደ ሸነኽ ወይ ብዘተ መዕለቢ ክረክብ ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እቲ ዝጽበየና ዘሎ ዕዮ ገዛ፡ ዕጫ መጻኢ ትውልዲ ናይ'ዚ ክልቲኡ ሃገራት ሰላም ፈጢሩ ዘለዎ እናተኻፈለ ምንባርዶ፣ ወይስ ዘዝተወልደ ድራር ባሩድን ጥይትን እናኾነ ዝነበሮ እናኣጥፈአ ይኸይድ? ዝብል ዓቢ ሕቶ ምምላስ`ዩ። ብወገንና ንኡስ እውን ይኹን ኣብረክቶና ነቲ ቀዳማይ ንመርጽ። ይኹን እምበር ዘራጊ ማይ እንከሎስ ጽሩይ ማይ ነይስተ ከምዝበሃል፡ ህግደፍ እናሃለወ ሰላም ስለ ዘይርከብ፣ ጸረ-ሰላም ዝኾነ ስርዓት ህግደፍን ኣተሓሳስብኡን ካብ መሬት ኤርትራ ምጽራግ ናይ ኩሎም ደለይቲ ፍትሕን ሰላምን ሓይልታት መድረኻዊ ውራይ ምዃኑ ንኣምን።
4- ብስርዓት ህግደፍ ተላኢኾም ኣብ ትግራይ ይኹን ኣብ ካልእ ቦታታት ገበናት ዝፍጽሙ ዘለዉ ኩሎም ዜጋታትና ገበናቶም ንባህርያት ህግደፍ እምበር፣ ንባህርያት ናይ ሓደ ወይ ናይ ገለ ክፋል ሕብረተሰብና ዘንጸባርቕ ባህርያት ኣይኮነን። ስለዚ ንዝካየድ ዘሎ ገበናት ምስ ሓደ ውሱን ሕብረተሰብ ወይ ሃይማኖት ጥራሕ ምጽጋዕ ወይውን ዝያዳ መረረ ክስከም ምግባር ግጉይ ምዃኑ በዚ ኣጋጣሚ ከነስምረሉ ንደሊ።

**<u>ኣብ ውሽጢ ውድብና ዝጸንሐ ሃጓፍ ናይ ምምላእ ጉዳይ፥</u>**

1- ማእከላይ ሽማግለና ብዝተፈላለየ ምኽንያት ካብ መሳርዕ ውድብና ንዝጎደሉ ኣካላት ንምምላእን መስርሕ ምትኽኻእ ንምስልሳልን ክሳብ ዝመጽእ ጉባኤ ብግዜያውነት ሓደስቲ ቦታታት መዲቡ ወጺኡ`ሎ።
2- ብምሁራትን ምኩራትን ኣካላት ብመጽናዕቲ ጀሚርናዮ ዘለና ናይ መዲያ ፕሮጀክት ንምዕዋት ንኹሉ ንጡፍን ዕቑርን ዓቕምታትና ንምጥቃም በርቲዑ ክሰርሕ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።
3- ሳልሳይ ጉባኤና ኣብ ውሽጢ 2 ኣዋርሕ ንኹሉ ብዝጥዕም መንገዲ ክሰላሰል መጽናዕቲ ወዲኣ እተቕርብ ሽማግለ መሪጹ ኣኼባኡ ዛዚሙ ኣሎ።

ዝኽርን ክምርን ንስዉኣትና

ዓወትን ኩሎም ውጹዓት ኣህዛብ

ውድቀት ንስርዓት ህግደፍ

ማእከላይ ሽማግለ ኤስደለ 17 ጥቅምቲ 2021